-1-

## መዛናግዒ መልእኽቲ

በስመ ኣብ ኢልካ ምጅማር ፀሎት
ሰዲርካ ሰዲርካ ይመልእ እመት
ሰጉምካ ሰጉምካ ይቃለል ርሕቐት
ተኣኪብካ ተዛቲኻ ምፍጣር ሕብረት
ሕብረት ፅኑዕ ሓይሊ እንተተኣልዩ ብስኽላት ብስምረት
ቆፅሊ ረጋፋይ ፣ ገዛ ፈራሳይ ፣ ትውልዲ ሓላፋይ
በዝሒ ማይ ሰዓባይ  ዘየብሉ ውሕጅ ሰጣማይ ደራቓይ
በዝሒ ኣባላትን ፅርየት ዘየብሉ ማሕበር ደኻማይ
በዝሒ ማይ ዘሎዎ ውሕጅ ብዘይ ምቁራፅ ፈሳሳይ ዋሓጃይ
ብበዝሒ ኣባላት ዝተሰነየ ፤ ብፅርየት ዝተኣልየ ማሕበር ተዓዋታይ
ጥንኩሩን ፣ ዝተዓቀበ ሕብረት ቀፃላይ ፤ ከም ሓወልቲ ነባራይ

ኣዋፂእኻ ወፊኻ ምስላጥ ልምዓት
ኩዒትካ ነዲልካ ምንዳቕ መሰረት
ቀፂልካ ብዘይ ምቁራፅ ምስላጥ ገዛ ህንፀት
ጀሚርካ ደው ኣይባሃልን ኣይውሰድ ዓመታት
ቃላት ፣ ዘተ ፅቡቕ እዩ መሰኼ ትልምታት
ተዓሊሙ ፣ ተተሊሙ ኣይቕረ ይሳለጥ ብተግባራት

ህድሞ ወዲኻ ቀዳማይ ፣ ካልኣይ ፣ ሳልሳይ ፣ ቀፃላይ ደብሪ
እቲ ዝሳለጥ ዘሎ ኣይኮነን መዝበሪ ግዳስ ተማሃሮ መምሀሪ
እዙይ ምስተወደአ ክቃለል  እዩ ናይ ክፍሊታት ሽግር
መንግስቲ ብሎሚኡ ይዳሎ ንምእላይ ዋሕዲ መምህር

ይታሃነፅ ይሰራሕ ደው ይበል ናይ ፍልጠት ቦታ
ናብኡ ንምእታው ብዙሑት ተማሃሮ ይፅበዩ ኣለው ብሃንቀውታ
ባይታ ነንፅፈሎም ንፍጠረሎም ዕድል

ታሕጓሱ ኣይኽእልዎን ክብሉ እዮም ዕልል
ይፍለጡ ፣ ይማራመሩ ፣ ይከፈተሎም ፣ ይገለፀሎም ፣ ምስጢር ትምህርቲ
ፅባሕ ክኾኑ እዮም ሊቃውንቲ ፣ ተፈላሰፍቲ ፣ ሓዱሽ ነገር ማሃዝቲ

ኣኽሱም እዚኦም ሲኢና በዚሕዋ ፀገም ካልኦት ሽግራት
ኣፍ ኣውፂኣ ክትዛረብ ጀሚራ ክተቕርብ መረረት
ቅድሚ ሃገረይ ተፈጢረ ቅድሚ ሃገረይ ነይረ
ሎሚ ከም ሽንቲ ግመል ንድሕሪት ተመሊሰ እንታይ እየ ገይረ
ሓጥያት የብለይን ፃዲቕ ፈላመይቲ ተቐባሊት ክርስትና ሃይማኖት
ባዓልቲ ታሪኽ ኣብ ግባረይ ፅላት ፤ ገዳም ተኸባሪት

እቶም ቀዳሞት ደቀይ ንፉዓት ፈላጣት ሰብ ሜላታት
ኣብዙይ እንትስሩቱኒ ሃደበት ኣይኮነን ብብዙሕ ፅንዓት
ኣብላዕሊ ተሰቒለ ተነፂፋለይ ሜዳታት ተኸቢበ ብተፈጥራዊ ሓፁራት
ከይቈረኒ ከይሞቕኒ መሪፆም ማእከላይ ናይ ኣየር ኩነታት
ፀላእን ንፋስን ከይጥዕኒ ተኸቢበ ብጎቦታት

ብሰሜን ተኸቢበ ብጎቦ ቤትገርግስ
ኣብ ላዕሉ ውፂእኻ ንፋሱ ሳንባኻ ዘሐድስ
ብምፅዳቕ ተኸቢበ ብጎቦ  ጕቦዱራ
ብኡ ሽነኽ ንዝመፅእ የኣቱ ብዱራ ድቡራ
ብሰሜን ምብራቕ ከቢቡኒ ጎቦ ማይ ኮሓ ማዕዶ እንዳፅላት
ኣብኡ ኮይንካ ኮለል ኢላ ትረአ ምልእቲ ኣኽሱም ምስ ማይ ዓቢቓት
ማይ ኮሓ ኮይነ እንትሪአን ናይ ሎሚ ገዲፈ ቀበሌ ሓዱሽ ኣሽማት
ከይትርስዕዎ ቆንጢረ ክዝርዝረልኩም ምሳይ ዘዓበያ ናይ ከብደይ ቁሽታት

ጨዓናዱግ  በለስ ባሕሪ  መለኪያ ኣኽሱም  ምቓፅ ከበሮ  ዓዲኽልተ ታሕታይገዛ እንዳኣብያስኡይ
እዝጊሓፀራ ዳዕሮዒላ ገዛ ዓሙፅ ግራትሽንፋእ ምግታው ሓወልቲ ገዛ ዓጉማይ

እንዳ ራእሲ ገዛ ሽሞሽን ዕዳጋ ሹቕ ፍቓዳ ወዘተ
ሎሚ ጥራሕ እዚኣን ኣይኮናን ክንደይ ዘይተሰርሐ ዘይተመስረተ
ክንደይ ኢልካ ክቑፀር ቁሸታት ኣኽሱም
እንታብ ኀቦዱራ ጀሚሩ ሰተት ዝበለ ክሳብ ዞርት ምሽላም
ብምብራቕ ተኸቢበ ብሜዳ ኀቦ ሓፀቦ ፤ ቀፂልካ ብርሑቕ ብእዝባ ገሊላ
ብደቡብ ተሓፂረ ብኀቦ ሓመድ ገበዝ ብግድምታት ዓዲበራሕ ክሳብ ኀቦዱራ ከምኣይላ ኮሊላ

ኣነ ተሓፂረ ኣይቀረይኩን ብግድሚ ኀቦታት
ንህዝበይ ነጋይሸይ እኒሀ መእተዊ ብኹሉ ማኣዝናት
ብምብራቕ ዝመፅኡ የኣትዉ ብምሽላም ብዞራት
ብሰሜን ዝመፁ የኣትዉ ብንዳካሌብ ብማይ ኬራሕ
ብደቡብ ብናዓዴር ዝመፅኡ የኣትዉ ብሓፀቦ ብደረቓ ብዴጐ የኣትዉ ብዓዲበራሕ
ብምዕዳቕ ዝመፅኡ ብዓዲፀሓፊ ቀጠጠእኽሊ ፍልፍሊት ማይ ጓሉ
ምኩላል ኣየድልን ፤ ተፈጥራዊ መእተዊ እኒሀ በብሽነኹ ንኹሉ

ኣነ ብዙሕ እየ ዘሓስብ ፤ ኣማዕድየ እንትረኣን ኩለን ሓደሽትን ምሳይ መፋጥርተይ
ሎሚ ኹለን ገዲፈናኒ ኣበይ ከርክበን ኣይኮናን መዋድርተይ
ምጥማተይ ዶ ቀርዩ ኣርሒቐ ፤ ክሳብ ዓዲ ወፃኢ ባሕሪ ውቅያኖስ ሰጊረ
ንሳተን ኣንዳረኣይኩ ነብሰይ ምውቃስ ጀሚረ ኣምሪረ

በሉ ዳኣ ደቀይ ሕዚ እውን ክምዕብል ፣ ክፅብቕ ፣ ክዕምብብ ፣ ሳላኻትኩም
ንስኻትኩም ኢኹም ብቀዳምነት ትሓስቡለይ እንታብ ካልኦት ቀዲምኩም
ሓዱሽ ዝተሃንፀ ዝተሰርሐ ሃብዎ ሓዱሽ ስያመታት
በጃኹም ታሪኸይ ኣይተባላሸውለይ ዓቅቡለይ ናይ ቀደም ኣሽማት

እኒሀ መንገድታት ፣ ፅርጊያታት መለለዩ ዘየብሉ መእለይታት
ኣሽሓት ገዛውቲ ጠጠው ኢሉ ብዘይ ቁፅርታት
ኣበይ ኢልካ ንመን ኢልካስ ክዕደል ዝመፀ ፖስታት
ኩሉ ተዝሕዝ ነይሩ ስርዓት እንተዝኸበር ሕግታት

ሎሚ ኣብ ገዳም ፅላት ኣኽሱም ኣይዝብዝሐን ነይሩ ስርቂ ፣ ቅጥፈታት
ኣንታ እቶም ቀዳሞትስ ባይታ መሪዖም ኣቐሚጦሙኒ
ከይኸፍኣኒ ፣ ከይፅግመኒ ክነብር ጥዒሙኒ
ከም ሎሚ ኣይኮነን ተፈጥሮ ጠልሊሙኒ
እኹል ማይ ይወቅዕ ነይሩ ፍልፍላት ኣብርእሰይ ይውሕጆኒ
ሎሚ ዶ ኣነ ንደረቕኩ ማይ ንፀምኣኒ
በሉ ዳኣ ደቀይ ማይ ኣምፅኡ ፅምኣይ ኣርውዩኒ
ብዘይ ማይ ኣይህሉን ሂወት
ብዝይ መሪር ቃልሲ ኣይርከብን ዓወት

ድንቂ ባሕሪ ፣ ውቅያኖስ እንታባይ ሪሒቕም ኣይሃልውኒ ወደብ
ማይ ፀሚአ ዝሰትየሉ ደሪቐ ዝርሕሰሉ ሰኣንኩ ዶ ዓብዪ ግድብ
ዝፈትወኩም ደቀይ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ኣሜሪካ ወፂኢ ሰፊርኩም
ፍልጠት ክትውስኹን ፣ ቁምነገር ክትገብሩ ፣ ክተማሓይሹ ናብራኹም
በሉ እግዚኣብሄር የሓግዝኩም ፣ ትምኒትኩም ይስመረልኩም ፣ ፀሎተይ ኣይፈለይኩም
ኣብ ዝኸድኩሞ ኣብዘሎኹሞ ኮንኩም ኣይትረስዑ ዓድኹም ህዝቡኹም
ልምዓት ዓድኹም ንምስላጥ ዘቲኹም ሓቢርኩም ሰሚርኩም

ዕለት 23 ሰነ 2010 ዓም ሎሚ እተኽብሩላ ዘሎኹም ላስ ቬጋስ ቀደም እብላ ነይረ በረኻ ምድረ በዳ
ላስ ቬጋስ ብድሕረይ ተፈጢራ ሎሚ ኣበይ ኢለ ከርክባ ተወንጨፋ ከይዳ
ሳላ ፈላጣት ደቃ ማይ እንታብ ርሑቕ ተሳሒቡላ ናብኡ
ማይ ሓሊፉ ተሪፉ ጃሕ ጃሕ ይብል ኣሎ ኣብ ብሙሉኡ
ማይ ኣብ ከብዳ ኣይፀንሐ ኣይወረደ እንታብሰማይ
ግድብ ሁቨር እዩ ዝኹሉ ገባሪ ሰናይ
ውሕጅ ኮሎራዶ ምሩቕ እግዚኣብሄር የሃብካ
ሰለስተ ደረቕ ግዝኣታት ኣሜሪካ ፤ ሰጊርካ መክሲኮ ብማይ ዘተርከስካ

ላስ ቬጋስ ዓዝቢባ ፣ ፀቢቐ ዘለኣለም ብርቕርቕ ወግሐት ፀብሐት
ንሱ እኳ ይቕረየኒ ገዳም እየ ኹልሻብ ኣብ ፀሎት

5

ኣምላኽ ከምተም ካልኦት ጥራሕ ናይ ማይ ዕድል ፍጠረለይ
ኣካላተይ ዘርሕስ ፅምኢ ማይ ዘርውየለይ
እቲ ፅባቐ እንተኾነ ፅብቐቲ እንታብ ቀደመይ
ኩርዕቲ ባዓልቲ ታሪኽ ፤ ምህርቲ ምስፊደለይ ሓወልተይ

በሉ ጥራሕ መረረት ኣይኮነን ምርቓይ ይብፃኹም
ብሩኻት ኩኑ ፍለጡ ተማገራመሩ ፤ ቀፅሉ ሕብረትኩም
ናብራኹም ይፀብቐ ይተሓሎ ጥዕናኹም
ሕጉሳት ኩኑ ኣብ ናብራኹም ኣየጋጥምኩም ፀገም
በሉ ርሑስ ዝተቐደሰ ምሸት ይግበረልኩም
ህዝብኹም ኣይርስዖን ነቲ ሰናይ ተግባርኩም
ክብርን ምስጋናን ይብፃሕኩም ናይ ለንዘበን መዳለውቲ
እንታብ  ሎሚ ተዳሎዉ ናይ ነዓመታ ተቐበልቲ

ዶ/ር ተኸስተ ዮሴፍ